# ትርጉም ነጻነት እንታይ እዩ ?

ዝመጻእ ዘሎ ዓርቢ 24 ግንቦት 2024 ዓ.ም ፡ መበል 33 ዓመት ካብ መግዛእቲ ኢትዮጵያ፡ ነጻ ዝወጻእናሉ መዓልቲ ክነክበር ኢና ። ኣብዛ መዓልቲ እዚኣ ነቶም ኹሎም ምእንቲ ሰላምን ዲሞክራስን ራህዋን ኣብ ኩሉ ጎቦታትን ጎላጉልን ዓድታትን ኤርትራ ብንጽህ ሕልና ምእንቲ እዛ ኤርትራ እንብላ ሃገር እተሰውኡን ዝሰንከሉ ተጋደልትን ገባርን ኣንዝክረላ ሕያው መዓልቲ እዩ ። መግዛእቲ ኢትዮጵያ ን30 ዓመታት ተቓሊስናዮ ፣ ድሕሪ 30 ዓመታት ሲዒርና ንዓዱ ምፍናውና ከኣ ድሮ 33 ዓመታት ገርና ንርከብ ። እወ ኩልና ከም እንርድኦን እንግንዘቦን ዝነበርና ሕልሚ ፣ ባዕዳዊ መግዛእቲ ድሕሪ ምስዓር ፣ ሃገርና ካብቲ ዝነበራ ጸጋታት ንላዕሊ ፣ዓዲ ጠስምን መዓርን ፣ዓዲ ወርቅን ብሩርን ክትከውን ክንጸበ ብተስፋ ን30 ዓመታት ተቓሊስናን ተዋዲቅናን ኢና ። ሕጂ እውን ሃገርና ወርቅን ብሩርን ፣ መዓርን ጠስምን ኣይተሳእናን ፡ እንተኾነ ኣብዘን ዝሓለፈ 33 ዓመታት ህግደፍ ዝብሃል ኣብ ሜዳ ተጠኒሱ ድሕሪ ሪፈረንዱም ዝተወልደ ፡ ጎብለል ኾይኑ ነቲ ዝተሰዋእናሉ መሰልን ንቡርን ምኽልካሉ ከይኣክል ፡ ምስ ጎሮባብትና ንወለዶታት ዝኸይድ ኸናት እናፈጠረ መንእሰያትና ተወዲኦም ዓድታትና ቦዲሙ ይረከብ ኣሎ ። ደርግ ከ ካብዚ ዝከፍእ እንታይ በዲሉ ? እቲ ዝገርመኹም ብወገነይ ፣ እታ ህግደፍ እትብል ቃልን ፡ ደርግ እትብል ቃልን ኣብዚ ግዜ እዚ ኣብ ኣእምሮይ ሓደ ዓይነት ስሚዒት ክፈጥራለይ ጀሚረን ኣሎዋ ።

መንግስቲ ደርግ ኤርትራ ነጻ ሃገር ከይትከውን ኣብ ኹናት ኣትዮ ነይሩ ።ብዙሕ ሰባት ቀቲሉ ፣ ዓድታትን ዓቓጺሉን ኣንዲዱን እዩ ። ከም ግቡእ በዚ ዝፈጸሞ ኢሳብኣዊ ተግባራት ካብ ኢትዮጵያ ካሕሳ ክሕተተሉ ዝነበረ ጉዳይ እዩ። እዚ ይኹን እምበር ብመጠኑ ሰብ ከምድላዩ ይወፍርን ይኣቱን ነይሩ ። ኣብ ምሉእ ኤርትራ ናይ መንደቅ ስራሕ ይስራሕ ነይሩ ። ኩሉ ቤት ትምህርትታት እንኾላይ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ዕለታዊ ትምህርቲ ይህቡ ነይሮም ። ብሕጋዊ መገዲ ቪዛ ዝረከበ ሰብ ክወጽእ ይፍቀዶ ነይሩ ። ሰብ መሬቱ ከም ድልየቱ ይሸይጥን ይልውጥን ነይሩ ። መንግስቲ መሬት ህዝቢ እንተ ወሲዱ ብግቡእ ዋግኡ ይኸፍል ነይሩ ። ብካሊእ ኣዛራርባ እቲ ምስ ሰውራ ርክብ ዘይነበሮ ሰብ ኾነ ተባሂሉ ይእሰርን ይቅተልን ኣይነበረን ። ደቅኹም ኣብ ገድሊ ስለ ዝኸዱ ገንዘብ ክፈሉ ኣይበሉን ። ገዛውቲ ኣይዓጸውን ፡ጥሪት ኣይወሰዱን ፣ ደርግ ተሳዒሩ ክሃድም እንከሎ እውን ዝኾነ ንብረት ከተማታት ኤርትራ ኣይተንከፎን ።

ህግደፍ ግን ፤ ብሓጺሩ ንህዝቢ ኤርትራ ከም ህዝቢ መጠን ፡በተን ኩሉ ግዜ ዝዋራዘየለን ቃላቱ ገይሩ ፡ መትንታት ደምና ከምዝነቅጽ ገይሩና ኣሎ ። ከም ሰባት ክህሉውና ዘሎዎም መኣዛታት ኣብ ኣካላትና ጸሚቁ ወሲዱዎም እዩ ። መንእሰያትና ኣብዚ ሳዋ ዝብሃል መደበር ዕስክርና እናኣከበ ብዕሽላቶም ዝወሃቦም ኣስተምህሮ ንኹናት ድሉዋት ምኺንን ኣንጻር ህዝቢ ትግራይ ጽልኢ ምምዕባልን እዩ ። ኣብዚ ቦታ እዚ ወለድን መንእሰያትን መሰል ወይ እውን ርእይቶ ምሃብ ብዛዓባ መጻኢ ህወቶም የብሎምን ። ስለዚ እዚ ሕጂ ዘሎ መንእሰይ ፖለቲካ ህግደፍ ሰነቁ ዝዓበያ ስለ ዝኾነ ፡ ካብ ትጽቢታታና ንታሕቲ ኾይኑ ይርከብ ኣሎ ። ታሪኽ ቃልሲ ተሓኤን ህግሓኤ ሕማቅ ይኹን ጽቡቕ ታሪክ ህዝቢ ኤርትራ እዩ ። ኣብ ፖለቲካዊ መዳያቱ ጉድለት እንተ ነበሮ ፡ እቲ ወተሃደራዊ ጅግንነት ግን ክጽንበልን ክኽብርን ይግብኦ ። እዚ ህግደፍ ዝፈጠሮ ሓጓፍ ኣብ ህወት መንእሰያትና እዩ ። እምበኣር ህግደፍ ኣብዘን ዝሓለፈ 40 ዓመታት ካብ ባህልናን ታርኽ ህዝብና ወጻኢ ሰፍዘይብል ናይ ስነ ኣእምሮ ዕንወት ኣስዒቡልና ይረከብ ። ብፍላይ ኣብ መሳግድን ኣብያተ ክርስትያንን ኢዱ ኣእቲዩ ለይትን መዓልትን ከዘርግ ይውዒል ኣሎ ። ህግደፍ ቀናእ ፡ ሓሳድ ፡ናይ ሙጉባት ኣመል ዝውንን ፡ ዜጋ ሰሪሑ ክነበር ዘይፈቅድ ፡ ሰብ ሃብቲ ክርእ ዐይኑ ደም ዝመልእ ፡ ኣብ ናይ ዜጋታቱ ሕሰምን መከራን ደስታ ዝስምዖ ጉጂለ እዩ ። እዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቀስኩዎ ብህሪያቱ ዝኾነ ህግደፍ ነቶም ሃገሮም ክሃንጹ ርእሰ-ማሎም ሒዞም ኤርትራ ዝኣተዉ ፡ እቶም ዕድል ዘይረከቡ ኣብኡ ተራሲዮም ሞይቶም

። እቶም ዕድልኛታት ከኣ ርእሰ-ማሎም ተበሊዖም ኣብ ስደቶም ተመሊሶም ኣሎው ። ሜላ ናይ ህግድፍ ከምቲ ናይ ኣምሓራ ምስላ “ ጥቂት ቆሎ ይዘህ ወደለው ተጠጋ “ ምስ ተጸጉዑካ ከምዛ ቁርዲድ ወይ ዕኮት ክሳብ ትመውት ኣይገድፍኻን ።ህግድፍ ገዛውቲ እንተ ተሰሪሑ ኣብ ስድራቤታት ቅሳነት ክፍጥር ስለ ዘኾነ እዚ ምስ ዕላማኡ ዝኸይድ ኣይኾነን ። ህዝቢ ከተማ ኣስመራ ካብ ዲጋ ዓዲ ሃሎ ማይ ስለ ምንታይ ዘይሰቲ ? ምክንያቱ መራሕ እቲ ጉጂለ ንከተማ ከወጽእ እንከሎ መስርዕ ናይተን ኣዴታት ምስቲ እተፈላለየ ሕብሪታት ዘሎዎ ክዳውንተን ምስ በራሚልን ተኖታትን ጅሪካናትን እንተ ዘይርኣየ እቲ ቆልኡ ኣይዓርፍን ንሕና ግና ከም ኤርትራውያን ዜጋታት ንጉህን ንሓዝንን ኣሎና ።

ኢትዮጵያ ኤርትራ ነጻ ሃገር ክይተከውን ተዋጊኣትና ፡ ንሕና ከኣ ነጻ ክንውጽእ ናትና እንብላ ሃገር ክትህሉወና ተዋጊእናያ ። እንተኾነ ህገድፍ ኣብዚ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ዓሚቁ ናይ ራእን ስነ -ሓሳብን ፈልልይ ኣሎዎ። ህግደፍ ብላዕለዋይ ኣባሉ ኣላሚን መ/ድ ሲዒድ ገይሩ “ ድልየቶም(ህግደፍ ) ኤርተራ ናብ ኢትዮጵያ ኣዲኣ ክትምለስ ናቱን ናይ መንግስቱን ድልየት ከም ዝኾነ ኣብ ቪድዮ ክምድር ሰሚዕኩሞ ክትኮኑ “ ተስፋ ይግበር ። ብዓብኡ መራሒ ናይዚ ጉጂለ ኣብ ኣዲስን ኣስመራን እንታይ ከም ዝተዛረበ ኩልና ሰሚዕናዮ ኣሎና። ከምቲ ብዓል ምስላ “ ኣቦይን ኣደይን በበይኖም ጸሎቶም “ ኮይና ንርከብ ኣሎና ህግደፍ ግና ኣይደቀሰን ፡ ሕልሙ ከተግብር ብኻልእ መልኪዕ ክመጸና ምኗኑ ነፍነጥ ። ህግደፍ ንወህሓትን ንህዝቢ ኤርትራ ብሓንቲ መነጽር እዩ ዝርእየና ። ምኽንያቱ ዘውዲ ኣባሓጎታቱ ከይደፈእ ዕንቅፋት ኾይናዮ ንርከብ ኣሎና ። ህግደፍ ናብ ኢትዮጵያ ክመልሰና ገና ሕልሙ ኣይተጸንቀቀን ኣሎ ። ክሳነት ሀገረነት ዝህሉወና ድሕሪ ሕልፈት ናይዚ ጉጂለ እዚ እዩ ። ሕልሚታት ናይ’ዚ ጉጂለ እዚ ብቓልን ብግብሪን እንዕዘቦ ዘሎና ስለ ዝኮነ ። ነዚ ክኣምን ዘይክእል ገና ካብ ከብዲ ኣዲኡ ዘይተወልደ ክኸውን ይኽእል እዩ ። መብዛሕትኦም ደገፍቲ እቲ ጉጂለ ከኣ ተወሊዶም እንከለው ነገራት ክምርምሩን ክውግኑን ዝተዓደሎም ተፈጥሮኣዊ ጸጋ ክጥቀሙሉ ዝመረጹ ኣይኾኑን ። ብሕርያ ባረዩ ኾይኖም ከገልግሉ ዝመረጹ ሰባት እዮም ።

ከም ዜጋታት እቲ እተቓለስናሉ ዕላማ ፡ ከም ነጻ ፕረስ ፣ ነጻ ናይ ምእካብ መሰል ፡ ነጻ ናይ ምጽሓፍን ናይ ምዝራብን መሰል፣ ነጻ ናይ ሰላማዊ ሰልፍታት ምግባር ፡ ወፊርካ ምኢታው ፡ ብሕጋዊ መገዲ ኣብ ዝደለኻዮ ግዜ ፣ ከብ ዓድኻ ምውጻእ ፡ ኣብ ዝደለኻዮ ከኣ ናብ ዓድኻ ምምላስ ። ብዓቢኡ ከኣ ኣብ ፓርላማ ሃገር ምውድዳር ወዘተ ኾይኑ ፡ ሕጂ ጎዲሉና ዘሎ ግን ሰላም ምስኣን ጥራሕ ዘይኾነ ናይ ምንባርን ዘይምንባርን ሕቶ እውን እዩ ። እዚ ኩሉ ኣብ ላዕሊ ጠቂሰዮ ዘሎኹ መሰላት ተሓዲግና እንከሎና ፣ ተስፋ ከይቖረጽና ቓልስና ክሳብ ዓወት ቀጻሊ እዩ ። ነጻ ህዝቢ ከም ምኳና ነዚ ደሞኛ ጉጂለ ክንስዕሮን ኣብ ሓመድ ድበኡ ከኣ እታ ኩልና እንምነያ ሰላማዊትን ቅዋማዊትን ኤርትራ ክንሃንጽ ኢና ።

ርሑስ መዓልቲ ነጻነት ሃገር ኤርትራ !

5/24/ 2024 ይግበረልና !

ዘለኣላማዊ ዝክሪ ንስውኣትና !

**ክብሮም ግረነት**